# ዝኽሪ ሰማእታትና ዘንተእለት ንኽነብር




ብ/ሙሓመድኑር ያሕያ

መዓልቲ ናጽነት ምስ ኣኽበርና ናብ ረዚን ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት፡ 20 ሰነ ኢና እንሰግር። ወግዓዊ ስነ ስርዓት ዝኽሪ መዓልቲ ሰማእታት ኣብ ቀጽሪ እቲ ክቡር መካነ መቓብር ሓርበኛታት እዩ ዝካየድ። ስድራቤታትን ብጾትን ኮታስ ኩሉ ህዝቢ፡ ኣብዚ መካነ ክቡራን ሰማእታት ብምብጻሕ ኣብ ቅድሚኦም ደው ኢሉ ኣብ ሕድሮም ክጽነዕ ቃል ይኣትወሎም።

እዛ ክብርቲ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት ሓደ ምስ ኮነ፡ ብናይ ሓደ ደቒቕ ስቕታ ዝክረ ሰማእታት ትዛዘም። ቃልን ሕድርን ደጊምና ብምጽናዕ ከኣ ብሓበን ንፋነዋ።

ኣብዛ ናይ ዝኽሪ ዕለት ተቓልስቲ ብጾት፡ ህያው ሰነድን ምስክርነትን ናይቲ ኣብ እዋን ቃልሲ ብልዑል ጽንዓትን ተወፋይነትን ዝተሰግረ ቃልስን ምረትን ኮይኖም፡ ተዘክሮ ናይቶም ኣብ ውግኣት ዝወደቑ ሰማእታት ብጾቶም ንዓመታት ከዘንትዉን ክነግሩን ጸኒሖምን ኣለዉን። ኣሕዋት፡ ዉሉዳት፡ ሰብ ኪዳን ድማ ነፍሲ ወከፎም ምስ ስዉእ ዘራኸቦም ስምዒታትን ተዘክሮታትን ተሰኪሞም ናብ መቓብር ስዉእ ይበጽሑ።

እቲ ቀዳማይ ናይ ዓይኒ ምስክር ታሪኽ ዝኾነ ሓርበኛ፡ ንዘልኣለም ዝነብር ኣይኮነን። ሕጊ ተፈጥሮ ስለዝቕይድ። እዚ ክቡር ዝኽሪ'ዚ፡ ንወለዶታት ቀጻልነት ክህልዎ፡ ትርጉም መስዋእቲ እናሻዕ ክሕደስን ክኹላዕን፡ ካብ ሕጂ ጀሚርና ኣብ ዝኽርናን ዝኽሪ ነፍስ ወከፍ፡ ማለት ወዲ ሃገር ይኹን በጻሒ ወጻእተኛ ህያውነት ሰማእታትና እነስርጸሉ መገዲ ክበላሕት የድልየና። ሓደ ካብኡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ሰብ ሰርሖ ብልሂን (AI) ብምጥቃም ድምጽን ምስልን ብርሃንን ዘወሃሃደ፡ ኣብ እእምሮ ሰባት፡ ድሙቕ ስእሊ ዘስርጽ ስነጥበበዊ ስራሕ ክኸውን ይኽእል።

መካነ መቓብር ሰማእታት ካብ ዝምስረት፡ ቀዳሞትን ድሒሮም ዝሰዓቡን ሰዉኣት ካብ ዝዓርፍሉ ልዕሊ ሰለስተ ዕቑዳት ኣቑጺሩ ኣሎ። ስለዚ ስፍሓት ቦታ ኣብ ግምት ብምእታው መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ከም ሞዴል ብምውሳድ፡ ከም ሓሳብ እዚ ዝስዕብክግበር ይከኣል። ዋዒን ኦመዲታን ባህርያዊ ሓደጋታትን ብዝጻወሩ ባእታታት ዝተሃንጸን ዘመናዊ ስነ-ጽባቐ ዝማልአ ሓወልቲ ሰማእታት ምትካል። ምስቲ ኣብ ፈለማ ዝተዋህበ ወግዓዊ ኣሃዝ ስዉኣት ቃልሲ ንናጽነትን ድሒሩ ኣብ ምኽባር ልኡላውነት ዝተወሰኸን ብምዝማድ፡ ቁመት ናይቲ ሓወልቲ ካብ 65 ሜትሮ ንላዕሊ ኮይኑ፡ ዘመናዊ መለክዒታት ብዘማልአ ግሩም ኣገባብ ዝተሰርሐ፡ ዘማዕርጎ ፍሉይ መብራህቲ ተዋዲዱሉ ብኹሉ ኩርናዓትከተማ፡ ብለይቲ ይኹን ቀትሪ ከም ዝርአ ገይርካ እንተዝህነጽ። ምስቲ ዝስራሕ ሓወልቲ ተኣሳሲሩ ብሕጽር ዝበለ ኣስማት ናይ ኩሎም ስውኣት፡ ዕለተ ምስላፎም፡ ቦታን ዕለትን መስዋእቲ ከምዝሓፈሉ ክግበር ይከኣል።

እቲ ሓወልቲ፡ ቤተ-መጻሕፍቲ፡ ኣደራሽ ምርኢትን ኣኼባን ሓዊሱ ሓያሎ ህንጻታት ዘጠቓልል ይኸውን። እተን ቤተ-መጻሕፍቲ፡ ብመንጽር ምስልን ድምጽን፡ መቓልሕ፡ ሓሳባት፡ ሜላታት ሰብ ሰርሖ ብልሂን፡ ከምኡ'ውን ስርዓተ-ምልላይ፡ ብሓቀኛ ታሪኻዊ ምስክርነት ዝቐረበ ማለት ካብ ጸኒሕ ዝተሰነደ ወይ ዝተቐርጸ ድምጺ ሰማእታት ወይ ብዛዕባኦም ብዝቐረበ ጸብጻባት፡ ወይ'ውን ኣብ ልዕሊ በጻሒ ጽልዋ ዘለዎ ጦብላሕታ ዘሕድሩ ትረኻታት ዘጠቓለለ ይኸውን። ገለ ክፍልታት እቲ ሓወልቲ፡ ጸላኢ ኣብ ልዕሊ ሃገራውያን ተቓለስቲ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ከምኡ'ው ኣብ ሰለማዊ ህዝቢ ዝፈጸሞ ኣረሜናዊ ግፍዕታት ብድምጺ ዝነግሩ ዘመናውያን መሳርሒታት ከም ዝህልዎ ክግበር ይከኣል።

መካነ መቓብር ሰማእታት ልዕሊ ሰለስተ ዕቑዳት ስለዝገበረ፡ ናይቶም ዝቐደሙ ሰማእታት ኣዕጽምቲ ኣብ 40X20 ስ.ሜ ስፍሓት ዘለዎ ንእሽቶ ብስሚንቶ ዝተሰርሐ ሳንዱቕ ኣኪብካ፡ ስም፡ ዕለተ ምስላፍ፡ ቦታን ዕለትን መስዋእቲ ከምዝጸሓፈሉ ይግበር። እቲ ሳናዱቕ ስርዓትን ስነ-ጽባቐዊ መልክዕን ዘለዎ ክኸውን የድሊ። እዚ ዝብል ዘለኹ፡ ኣብ ኣስመራ ኣብ መካነ መቓብር ሰማእታት ዝስራሕ ዘሎ ዝንጥልጠል ናይ ስሚንቶ ሳንዱቕ ኣብ ግምት ብምእታው እየ። ብናተይ ኣረኣእያ እዘን ሳንዱቕ፡ ሰፊሕ ቦታ ስለዝሕዛ፡ ዋላ ደርብታት እንተሃነጽና፡ ብብዝሒ ክሕዛ ዘይክእላን፡ ስለዚ ተወሳኺ ምብልሓት ክሓተና እዩ።

እዚ ዘልዓልኩዎ ሓሳባት ክትዛረበሉ ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ። ብግብሪ ክትፍጽሞ፡ ብድሕሪኡ እውን ብብቕዓት ከተመሓድሮ ግን ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ ንኡ ዘፍጽም ፍሉይ ኣካል ወይ ትካል ምቛም የድሊ። እቲ ዝቐውም ትካል፡ ኣብቲ ዕማም ዝሳተፉ

ኣካላት ምልላይን ንድፌ ምውጻእን ነቲ ፕሮጀክት ዘድሊ ጸጋታት ምጉስጓስን ቀንዲ ዕማሙ ይኸውን።

ኣብዚ ብቅልጡፍ ናህሪ ህይወት ዝልለ ዘመናዊ ግዜና፡ ጽሑፋዊ ታሪኽ ድሕሪ ሕጂ ሰሓቢ ኣይመስልን። ሓበሬታ ብሕጽር ዝበለ መጠንን ኣብ ሓጺር ግዜን ከም ዝጠቓለል ይግበር ኣሎ። መጽሓፍቲ ታሪኽ ብኣጠቓቕማ ዘመናዊ ቴክኖሎጅን በቶም ሓባራዊ ዝኽሪ ንምኹላዕን ታሪኽ ከይርሳዕ ንምክልኻልን ኣቓልቦ መንእሰያት ዝማርኹ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ተተኪኦም ኣለዉ። በዚ ድማ፡ ስድራቤታትን ትካላት ትምህርትን ናብ ቤተ መዘክር ስሩዕ ምብጻሕ ክውድቡ ብምትብባዕ፡ ታሪኽ ኣብ ኣእምሮ መጻእቲ ወለዶታት ህልው ኮይኑ ከምዝቕጽል ክግበር ይከኣል።